## ንሰራሕተኛታትን ኣተግበርቲ መሻርኽትን DFID ዝኸውን ፅሑፍ መምርሒ DFID፥

## ኣንፃር'ቲ ኣብ ግዜ ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ መላእ ፕሮግራማት DFID ዘጋጥም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን (SEAH) ዝግበር ሓለዋ-ድሕንነት

**ኣብ ዝሓለፈ ዘጋጠመ ለበዳታት፡ ሓደጋታት ሓለዋ-ድሕነት ወሲኹ እዩ።** ኣንስትን ኣዋልድን፡ ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ዝተፈላለየ ዓይነታት ፆታ-መሰረት ዝገበረ ዓመፅ ከምዘለዋ ተረጋጊፁ እዩ፣ ብቐረባ መፃምድቲ ዝፍፀም መጥቃዕትን ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ድማ እቲ ኣዝዩ ግኑን ዓይነታት እዩ[1]። ሓደስቲ ወሃብቲ ሓገዝ ንኽዛይዳ ዝገበረ ኣንፃር ኢቦላ እተወስደ ግብረ-መልሲ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን መጥቃዕትን ብወዝቢ ዝውስኹሉ ኲነታት ከምዝፈጠረ ተፈሊጡ እዩ።[2] ለበዳ ኮቪድ-19 ብመጠን ዝርጋሒኡ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘጋጠመን ትፅቢት ዘይተገብረሉን ስለዝኾነ ኣንፃር ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ሓለዋ ንምግባር ዝግበር ፃዕርታት ኣማራፂ ዘይኮነስ ንምድሓን ህይወት ኣዝዩ ዘገድስ እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ እተጠናኸረ ኣሰራርሓ ተሓታትነትን ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንምክልኻል ኣብ ዝግበር ወስኽ ሓገዝ ድማ ዘንፀባርቕ ክኸውን ኣለዎ። **እቲ ከም ጥዕና፣ ሰብኣዊ፣ ማሕበራዊ ሓለዋ፣ ትምህርትን ትሕተ-ቕርፅን ዝኣመሰለ ኣካል'ቲ ግብረ-መልሲ ኮይኑ ብዓቐን ከምዝዓቢ ዝግበረሉ ፅላታት ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንኸይውስኽ ብፍሉይ ንቕሓት ኺኸታተሉን** ቀንዲ ኣካል ናይቲ እተወሃሃደ ግብረ-መልሲ ንኽኸውን ድማ ርእሰ-ተበግሶ ክወስዱን የድልዮም። DFID ንኣህጉራዊ መለከዒታት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብቐፃሊ ከተግብር[3] ከምኡውን ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ንዘጋጥም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንዝግበር ሕማቕ ኣተሓሕዛ ባዶ ተፃዋርነት ከርኢ ይግባእ።

**መርትዖ ናይቶም ኣብ ልዑል ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝርከቡ ሰባት ውሱን ብምዃኑ ኣንስትን ኣዋልድን ምስ ፆታ ዝተኣሳሰር ፀገም ንኸጋጥመን** ኣብ ልዑል ሓደጋ ከምዝህልዋ ዝገብር ምኳኑ ይሕብር። **ናይ ኣካል ጉዳኣት ዘለዎም ሰባት፡ ፆታውን ጆንደራውን ውሁዳንን ኣወዳትን ዝርከብዎም ካልኦት ጉጅለታት ኣብ ዝለዓለ ሓደጋ ክርከቡ ከምዝኽእሉን ከምዘለዉን ዝሕብር ዘይወግዓዊ መርትዖ ክመፅእ ጀሚሩ ኣሎ።** ስለዚ፡ ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንምክልኻል ዝውሰድ ስትራተጂታት፡ ኣብ ሓያል ትንተናታት ፆታን ማሕበራዊ ሓቐፍነትን እተመሰረተ ክኸውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እዚ፡ ሰራሕተኛታትን መሻርኽትን DFID፡ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ልዑል ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝርከቡ በዓል መን ምኳኖም፣ ብኸመይን መዓስን ብዝያዳ ኣብ ሓደጋ ከምዝኣትዉን ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንምክልኻልን ግብረ-መልሲ ንምሃብን ዝውሰድ ስጉምታትን ንኽርድኡ የኽእሎም። ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብዝያዳ ንኸጋጥሞም ምኽንያት ዝኾኖም **ብብዙሕ ዝዓይነቱ ዘይማዕርነት ኣብ ዝጥቅዑ ውልቀሰባት፡** ንኣብነት፥ ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ዝቕመጣ ስግረ-ፆታውያን ደቀኣንስትዮን ስንክልና ዘለዎም ሃገራውያን ኣባላት ሰራሕተኛታትን፡ **ኣተኩሮ ክገብሩ ኣመና ኣገዳሲ እዩ።**

### እቶም ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ዝልዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዘጋጥሞም ሰባት፥

- **ደቀኣንስትዮ፡** ዋሕዚ ተባዕትዮ ሰራሕተኛታት ምስ ልዑል መጠን ስእነትን ኣብ እተደራረቦ ኮማት፡ ዝልዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንኸጋጥመን ተኽእሎ ኣለወን። ንኣብነት፥ ቅልውላው ኢቦላ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡ ተባዕትዮ ሰራሕተኛታት፡ ነቲ ዘለዎም ፍልልይ ናይ ስልጣንን ልዑል ዝመጠኑ ማተርያላዊ ስእነትን ብምምዝማዝ፡ ንኣንስትን ኣዋልድን ረድኤት ንኽህብወን ፆታዊ ርክብ ምስኦም ንኽገብራ ፅቕጢ ከምዝገብሩለን ፀብፃባት ወጺኡ ነይሩ።[4] እተን ንስድራ ዝኣልያን ብድኽነት ድማ እተጠቕዓን ደቀኣንስትዮ፡ ብሰንኪ ምዕፃው ኣብ ገዛ፡ ነቲ ዘጋጥመን ፀገም ንዝፈትሓሉ ስትራተጂታት ብዕቱብ ከናድያ ይፍትና እኳ እንተኾና፡ ብዙሓት ግን ከም ፆታዊ ንግዲ ዝኣመሰለ ኣሉታዊ ስትራተጂታት ምፍታሕ-ፀገም ንኽመርፃ ይገብረን እዩ።[5] እተን ኣብ ግዜ ምዕፃው ካብ ገዛ ዘወፃ ደቀኣንስትዮ፡ ኣብ ኢድ'ቶም ንመምርሒ ምዕፃው ኣብ ገዛ ንኸተግብሩ ዕማም እተዋህቦም ሓይልታት ፀጥታ ብምውዳቕ፡ ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣመና እተቃልዓ ክኾና ይኽእላ እየን።[6]
- **ኣዋልድ፡ ብፍላይ ድማ ጐራዙት፡** ብሰንኪ ዘለወን ዕድመን ፆታን፡ ዝለዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኺጋጥመን ተኽእሎ ኣለወን። ምዕፃው ትምህርትን ቍጠባዊ ፅልዋ ኮቪድ-19ን፡ ጐራዙት ንኽምዝመዛ ዘለወን ተኽእሎ ከምዝዓቢ ይገብር፣ ሓገዛት ንኽረኽባ ኣብ ዝወፃሉ ድማ ፆታዊ ምዝመዛ የጋጥመን። ነቲ ኣዋልድ ዝረኽባኦ መሓለውታ ሓገዝን ፀብፃባት ዘቕርባሉ ዕድላትን ንኽፅሎ ድማ ተኽእሎ ኣለዎ።[7] እተን ኣብ ጐደናታት ዝቕመጣን ዝሰርሓን ኣዋልድ፡ ስንክልና ዘለወን ኣዋልድ ከምኡውን ስደተኛታት ኣዋልድ፡ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብፍሉይ ንኺጋጥመን ተኽእሎ ኣለወን።
- **ኣወዳት፡** ብሰንኪ ዘለዎም ዕድመ ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብፍሉይ ይቃልዑ እዮም። ኣወዳት ካብ ኣለይቶም ብምፍላዮም (ብሰንኪ ጠለባት ውሽባ ወይ ከቢድ ሕማም/ሞት) ዝልዓለ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኺጋጥሞም ይኽእል እዩ። ምዕፃው ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝረኽብዎ መሐለውታ ሓገዝ ክፀሉ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ብፍላይ ነቶም ኣብ ዝልዓለ ሓደጋ ዝርከቡ ማለት ብቖልዑ ዝእለያ ስድራቤታት ካብ ስድራቤቶም እተፈላለዩን ዝኣሊ ዓብይ ሰብ ዘይብሎምን ኣወዳት ብጎንፂ እተፀልዉ ኣወዳት ወይ ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ዝቕመጡ ዘለዉ ኣወዳት ከምኡውን ኣብ ጐደናታት ዝቕመጡ ከምኡውን/ወይ ዝሰርሑ ኣወዳት እዮም።[8]
- **ናይ ኣካል ጉድኣት ዘለዎም ሰባት፡** ብፍላይ ድማ ስንክልና ዘለወን ደቀኣንስትዮን ማህሰይቲ ኣእምሮ ዘለዎም ውልቀሰባትን፡ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍፀም ሰፊሕ ዝዓይነቱ ኣድልዎ፡ ዝለዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን የጋጥሞም። ብምኽንያት ብሰፊሕ ህዝቢ ተቐባልነት ዘለዎ ማሕበራዊ ወግዒ፡ ስንክልና ዘለዎም ብዙሓት ሰባት፡ ኣብ ዝኽፈሎ ስራሕ ንኸይነጥፉ ከምዝግለሉ ይግበር፣ ስለዚ ድማ ፆታዊ ርክብ ብምግባር ኣብ ዝርከብ ረድኤት እተሞርኮሰ ህይወት ይህልዎም። ናይ ኣካል ጉድኣት ምስ ዘይብሎም ሰባት ብምንፅፃር፡ እቶም ኣካላዊ ጉድኣት ዘለዎም ሰባት፡ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንዝነውሐ ግዜ ኺጋጥሞም ይኽእል። እዚ ድማ ንዘጋጥም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብኸመይ ፀብፃብ ከምዘቕርቡ ኣብ ዝካየድ ንጥፈታት ምብራኽ ንቕሓት ንኽሳተፉ ዘለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ውሑድ ስለዝኾነ እዩ፣ ከምኡውን ንዘጋጠሞም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ዝሕብርሉ እዋን፡ ንኽእመኑ ዘለዎም ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት ስለዝኾነ እዩ[9]።

- **ሰዶማዊት፡ ሰዶመኛ፡ ክልተ- ከምኡውን ስግረፆታውያን (LGBTQ+) ሰባት፡** ብሰንኪ ኣብ ልዕሊኦም ዘጋጥም ሰፊሕ ዝዓይነቱ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ፖሎቲካውን ኣድልዎ፡ ዝለዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኺጋጥሞም ተኽእሎ ኣለዎም። LGBTQ+ ሰራሕተኛታት ረድኤት'ውን፡ ዝለዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንኺጋጥሞም ተኽእሎ ኣለዎም።[10]

- **እቶም ኣብ ህሉውን ዝቕልቀል ኣብ ዘሎን ኩነታት ቅልውላው ዝርከቡ ሰባት፡ ብፍላይ ድማ እቶም ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ዘለዉ ወይ ካብ ዓመፅ ዘምለጡ ሰባት፡** ዝለዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብፍሉይ ኺጋጥሞም ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ሓገዝ ንኽረኽቡ ኣብ ሰራሕተኛታት ረድኤት ብዝለዓለ ደረጃ ስለዝሙርኮሱን ብዛዕባ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝምልከት ሓበሬታ ንኽረኽቡ ዘለዎም ተኽእሎ ትሑት ስለዝኾነን እዩ።[11]

- **ኣገልግሎት ንምሃብ ኣብ ግንባር-ቀደም ኮይነን ዝሰርሓ ደቀኣንስትዮ (ከም ኣካል ግብረ-መልሲ ጥዕና ዝኣመሰለ)፡** ብመሳርሕቲ፡ ሕሙማትን ኣዝማድ ሕሙማትን ዝፍፀም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንዝርከበ ኣብ ቦታ ስራሕ ዝፍፀም ልዑል ዝመጠኑ ዓመፅ ንኽቓልዓ ተኽእሎ ኣለወን። ነዚ ድማ ብሰንኪ ኮቪድ-19 ዘጋጥም ልዑል ዝዓቐኑ ፀቕጢ፡ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ጥዕና ዘሎ ፃዕቒ ስልጣን ከምኡውን ሕፀረታት ውልቃዊ ናውቲ ምክልኻል (PPE) ኺጋድዶ ይኽእል እዩ።[12]

## ኣንፃር ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝግበር ሓለዋ-ድሕነት፥ ኣብ እዋን ለበዳ ኮቪድ-19 ምክልኻልን ግብረ-መልስን ከምዝውሃብ ምግባር

**ኮቪድ-19፡ ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝምልከት ሓድሽ ጠለባት ዝመፀ እኳ እንተዘይኮነ፡ እቲ ህሉው ኩነታት ግን፡ ኩሎም ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ብሰንኪ ኣብቲ ዘካይድዎ ፕሮግራማት ዘጋጥም ዘሎ ዝለዓለ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ፍሉይ ኣተኩሮ ንኽገብሩ ይጠልብ እዩ።** DFID፡ ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ኣብ ውሽጢ ፕሮግራማቶም ንዘጋጥም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንኽፈትሑ፡ ንመስርሓት መለከዒ DFID ብቐፃሊ ክኽተሉ ትፅቢት ይገብረሎም። እዚ ድማ እተጠናኸረ ዝልዓለ ጥንቃቐ ምግባር ዘጠቓልል (ዝምልከት እንተኾይኑ ድማ ልዑል ጥንቃቐ ኣብ ሓለዋ-ድሕነት ቆልዑ ምግባር ዘጠቓልል) ኮይኑ፣ እቲ ፕሮግራማት፡ ንሓደጋታት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ግምት ኣብ ዘእተወ እዋናዊ ትንተናታት ፆታን ማሕበራዊ ሓቛፍነትን ምርኩስ ብምግባር እተዳለወ ከምዝኾነ ክረጋገፅ ኣለዎ። ውዕላት ናይቲ ብDFID እተዳለወ ኣገዳሲ መምርሒ 17 ህጹፅ ሰብኣዊ ረድኤት፡ ኣብ ህጹፅ ምድላው ፕሮግራማት/ምምሕያሻት ኮቪድ-19 ክትግበር ከምዘለዎ፣ ከምኡውን ወግዓዊ ገምጋም ሕጋዊ ጥንቃቐታት (DDA)፡ ፈለማ ምወላታት ምስተዋህበ ክምላእ ከምዝኽእል፣ እቲ ላዕለዋ ሓላፊ ፕሮግራም (SRO) ድማ እቲ ዘጋጥም ዝኾነ ሓደጋ ምስቲ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢታት ፕሮግራም ዝመዛዘን ምዃኑ ክቕበሎ ይግባእ። እቲ ምስ ፕሮግራማት DFID ዝተኣሳሰር ኩሉ ፀብፃባት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን፡ ብኡንብኡ ናብ reportingconcerns@dfid.gov.uk ኽቕርብ ይግባእ።

**ኣንፃር ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ ብዝበዛን ንዝግበር ሓለዋ-ድሕነት ንምድጋፍ፡ ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ እዚ ኽገበሩ የድልዮም፥**

- **ኣገዳስነት ምክልኻልን ግብረ-መልስን ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕጥን ንመሻርኽቲ ብቐፃሊ ብምሕባር፡ ንፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንምውጋድ፡ ኣብ መላእ ፕሮግራማቶም መሪሕ ተራ ምውሳድ።** መሻርኽቲ፡ ብዛዕባ ወሰኽ ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣፍልጦ ክህልዎምን ምስ ኩነታት ኮቪድ-19 ዝኸይድ ስጉምታት ሓለዋ-ድሕነት (ንኹሎም ናይ ሓጺርን ናይ ነዊሕን ግዜን ሰራሕተኛታትን ተሓባበርቶምን መርመራ ከምዝወስዱ ምግባር፡ ኣብ ደንብታት ትግባረ ምፍራምን ንኹሎም ሰራሕተኛታት ስልጠና ምሃብን) ድማ ንኸተግብሩ ብቐፃሊ ቀዳምነት ክህቡን፡ DFID ከረጋግፅ ይግባእ። ኣብ እዋን ቅልጡፍ ዕብየት ትካልን ምቕፃር ናይ ሓጺር-ግዜ ሰራሕተኛታትን፡ ሰራሕተኛታትን ተሓባበርትን ናብ ስራሕ ቅድሚ ምውፋሮም፡ ምክልኻል ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ምስ መርመራን ስልጠናን ተወሃሂዱ ከምዝኸይድ ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

- **መሻረኽቲ፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ንምክልኻል ፆታዊ ምዝመዛ፡ ዓመፅን መጥቃዕትን (PSEA) ምስ ዝምልከት ኣገባባት ምውህሃድ ተሰማሚዖም ንኽኸዱ ደገፍ ምሃብ።** ሕብረ-ትካላዊ መርበባት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን፡ ከም ልሙድ ብኣወሃሃዲ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ደገፍ እናተዋህቦ ብኣወሃሃዲ/ ቀዋሚ ኣወሃሃዲ ሰብኣዊ ረድኤት ሕቡራት ሃገራት ዝምራሕ እዩ።[13] ክሳዕ ሕጂ ብግብሪ ዘይሰርሕ እንተልዩ፡ መሻርኽቲ ምስ ካልኦት መርበባት፡ ንኣብነት፥ ምስ'ተን ኣብ ሓለዋ-ድሕነት ቆልዑ ወይ ፆታ-ዝሰረቱ ዓመፅ ዝሰርሓ ትካላት ዝምድናታት ንኽፈጥሩ፡ ሰራሕተኛታት ፕሮግራም ምትብባዕ ኽገብሩ ይግባእ።[14]

- **ባጀት ፕሮግራም፡ ኣንፃር ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ዝግበር ንጥፈታት ሓለዋ-ድሕነት ከምዝውዕል ምግባር።** ኣንፃር ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝካየድ ሓድሽ ፕሮግራም ሓለዋ-ድሕነት ኣብ ዝጅምረሉ እዋን፡ ብመሰረት ገምጋም ህሉው ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ባጀት ክስልዓሉ ይግባእ። ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ብዝግባእ ምክልኻልን ግብረ-መልስን ንኽውሃቦ፡ ኣብቲ ዝካየድ ዘሎ ፕሮግራማት ክለሳታት ባጀት (ብመሰረት ህሉው ስልዐ ፀጋታት) ኽግበር ከድሊ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ክኢላታት ቴክኒክ ንኽቕፀሩ ፀጋታት ምስላዕ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ።

- **ምስ ኮቪድ-19 ዝተኣሳሰር ፍሉይ ሓደጋታት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን** ኣብ ግምት ዘእተወ ሓድሽ ሓደጋታት ፕሮግራም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን እንታይ ምዃኑ ኣለሊኻ ምፍላጥ። ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ልዑል ሓደጋ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንዘጋጥሞ ዓቢ ፍልልይ ስልጣን ኣብ ዘተኩር ፕሮግራም ኽግደሱ ይግባእ። ኣብ ፕሮግራማት ጥዕና፡ ሰብኣዊ ረድኤት፡ ማሕበራዊ ሓለዋ፡ ትምህርትን ትሕተ-ቅርፅን ንዘጋጥም ሓደጋታት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ምልላይ ፍሉይ ኣተኩሮ ክውሃብ ይግባእ፣ ሰራሕተኛታት ፕሮግራም ድማ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ኦንላይንን ኣብ ባይታን ክፍፀም ከምዝኽእል ኽግንዘቡ ይግባእ። ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ብማዕዶ ኣብ ዝካየድ ምሕደራን ትግባረን ፕሮግራማት፡ ንእተፈፀመ በደል ኣብ ምፍላጥ ዘጋጥም ልዑል ፀገማት ዘጠቓልል እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ሓድሽ ሓደጋታት፣ ግዳያት ኣገልግሎት ንኽረኽቡ ዝውሃብ ደገፍ፣ መርመራታት ምክያድ ከምኡውን እኹል ዝኾነ ተሓታትነት ናይቶም እተጠቕዑ ህዝቢ ዝምልከት ኣፍልጦ ክህልዎም የድሊ። ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ነዚ ሓደጋታት ንኸወግዱ ስትራተጂታት ክነድፉ የድልዮም፣ እዚ ድማ ኣብ ግዜ ምዕፃው ምስ ህዝቢ ርክባት ዝግበረሉ ሓጋዚ ኣገባባት ምንዳይ፣ ኣድላዪ ምስዝኸውን፡ ናይ ማዕዶ መርመራታት ኽግበረሉ ዝኽእሉ ዕድላት እንተልዩ ምፍታሽ ከምኡውን ኣብ ባይታ ምስዘርሓ ዘለዋ ጉጅለታት መሰላት ደቀኣንስትዮ ወይ ካልኦት ናይ ከባቢ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ምሽራኽ ከጠቓልል ይኽእል።

**ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ንዘጋጥም ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንምሕባርን ግብረ-መልሲ ንምሃብን፡ ከምዚ ዝስዕብ ኽግበሩ የድልዮም፥**

- **ኣባላት ኮም፡ ብዛዕባ ኣገባባት ሓለዋ-ድሕነት ዝምልከት ናይ ፕሮግራም ሓበሬታ ብኸመይ ክረኽቡ ከምዝኽእሉ፣ ጥርዓን ብኸመይ ከምዘቕርቡ ከምኡውን እቲ ዘድልዮም ኣገልግሎታት ብኸመይ ከምዝረኽቡ (ከም ኣንስቲ፡ ኣዋልድን ኣወዳትን ከምኡውን ስንኩላን ዝኣመሰሉ ወግዓዊ ኣገባባት ናይ ምጥቃም ፀገማት ክህልዎም ዝኽእሉ ሰባት ዘጠቓልል)፡ መሻርኽቲ ከምዝፈልጡ ምግባር።** ስጉምታት ምዕፃውን ውሸባን፡ ብዙሓት ሰባት ንኣገዳሲ መልእኽታትን ኣገልግሎታትን ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ንኽረኽቡ ይዕንቅፆም እዩ። ሰራሕተኛታት ፕሮግራም ረድኤት ኩሉ ግዜ ናፃ ከምዝኾነ ዝሕብር እተፈላለየ ሜላታት

ርክብ ንኽጥቀሙን ንዘጋጠመ ፀገም ድማ ብመገዲ ተሌፎናትን ፕሮግራማት ራድዮን ብኽመይ ከምዝሕብሩን ኣመልኪቶም ንመሻርኽቲ ደገፍ ክህቡ ይግባእ። ፕሮግራማት ድማ ኣባላት ኮም፡ ኣብ እዋን ምዕፃው ክይተረፈ ብኽመይ ሓበሬታ ክህቡ ከምዝኽእሉ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ይግባእ። ልዑል መጠን መሃይምነት ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ኣብ ዘለዎ ሓደ-ሓደ ኩነታት፣ ኣንስትን ኣዋልድን ድማ ተንቀሳቓሲ ተሌፎናት ንኽጥቀማ ኣብ ዘይክእላሉ ቦታ ወይ ኣብቲ ዝውሃብ ፀብፃብ እምነት ምስዘይህሉ፡ እቲ ብኣካል ዝውሃብ ፀብፃብ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሰራሕተኛታት ብማዕዶ ኣብ ዝሰርሕሉ ግዜ፡ ንማንዛዊ መስመራት ንኽጥቀሙ ሽለል ስለዝብሉ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ትካላት ዝግበር ውሽጣዊ ምምላቕ-ሓበሬታ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ።

- **ብDFID ዝድገፉ ኩሎም ፕሮግራማት ብቐፃሊ ቀዳምነት መታን ክውሃቦ፡ ንግዳያትን ኣምሎቕቲ-ሓበሬታን ደገፍ ምሃብ።** DFID፡ንግዳያት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ደገፍ ዝህባ ዘለዋ ወሃብቲ ኣገልግሎታት ከመይ ዝበላ ምኽንን ንምፍላጥ ብደረጃ ሃገር ምስ ዝውሃብ ዕድላት ምትእስሳር ንኽገብሩ ንመሻርኽቲ ከተባብዕ ይግባእ። ሕቡራት ሃገራት ንኣዋሃሃዲ ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ኣብ ዝሓረየሉ እዋን እዚ ኣገባብ ንኽትግበር ድፍኢት ኽግበረሉ ይግባእ። ብተመሳሳሊ፡ ግዳያት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ከምኡውን ሰፊሕ ዝኾነ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድንን ዓመፅ ቆልዑን ዘጋጠሞም ግዳያትን ጥቑዓትን ክልኣኽሉ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ደገፍ ፆታ-ዝሰረቱ ዓመፅን ሓለዋ ቆልዑን ከም ቀንዲ ሰብኣዊ ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ክውሰድ ይግባእ። እቲ ዝውሃብ ኣገልግሎት ፋሕ ዝበለ እንተኾይኑ፡ ሰራሕተኛታት ፕሮግራም፡ ንግዳያት ፆታዊ ብዝበዛን ዓመፅን ፆታዊ መጥቃዕትን ዝኸውን እተመሓየሸ ቀረብ ኣገልግሎታት ንኽህሉ ደገፍ ዝኸውን ዕድላት ኣብቲ ዘካይድዎ ፕሮግራም ወይ ሃገራዊ ቤት ፅሕፈት እንተልዩ ኽግንዘቡ ይግባእ።

- **ብDFID ምስ ዝድገፍ ፕሮግራም ዝተኣሳሰር ኩሉ ፀገማት ሓለዋ-ድሕንነት ብቐልጡፍ ናብ [reportingconcerns@dfid.gov.uk](mailto:reportingconcerns@dfid.gov.uk) ከምእተሓበረ፣ መሻርኽቲ ንኹሉ ፀብፃባት ብግቡእ ከምዝርኣይዎ ከምኡውን ብዛዕባ ግዳይ ዝምልከት ሓበሬታ ንምስናድ ምርመራ ንምክያድን ደገፍ ንምሃብን ግቡእ ስጉምቲ ከምእተወሰደ ምርግጋፅ።** ግዳያት ኣገልግሎታት ድሕነንነትን ምድሓን ህይወትን ንኽይረኽቡ ምዕፃው ወይ ምርመራታት ንኽደናጒ ከም ምኽንያት ክውሰድ ኣይግባእን። ዝከኣል እንተኾይኑ ድማ ከም ግዝያዊ ስጉምቲ፡ ኣማራፂታት ናይ ማዕዶ ምርመራታት ኣብ ግምት ክኣቱ ይኽእል እዩ። ምኽርን ደገፍን ንምርካብ ጉጅለ መርመራታት ሓለዋ-ድሕነት DFID (SIT) ኣለኩም።

## ንተወሳኺ መመርሒ

**ኣብ እዋን ኮቪድ-19 ብDFID ኣብ ዝድገፉ ኩሎም  ፕሮግራማት ብዛዕባ ዝግበር ሓለዋ-ድሕነት ዝምልከት መምርሒ**

ገፃት ሓበሬታ ሓለዋ-ድሕነት DFID

IASC 2020 ግዝያዊ ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝግበር ሓለዋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን (PSEA) - ቅፂ 1.0

IASC 2020 ኮቪድ-19: እተረስዑ ሰባትን ግዳያትን ብኽመይ ኣብ ርክባት ሓደጋን ኮማዊ ተሳታፍነትን ከምዝካተቱ ይግበር

**ፀገማት ሓለዋ-ድሕንነት ናብዚ ክሕበር ይግባእ፥**

**+44 1355 843747**

**reportingconcerns@dfid.gov.uk**

---

[1] Fraser, E. (2020) ፅልዋ ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዋልድን ዝፍፀም ዓመፅ፡ ፀብፃብ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ጠረጴዛ-ሓገዝ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድን (VAWG) ቍፅሪ 284። ሎንደን፡ ዩናትይድ ኪንግዶም፥ ጠረጴዛ-ሓገዝ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድን http://www.sddirect.org.uk/media/1881/vawg-helpdesk-284-covid-19-and-vawg.pdf; Alina Potts (2020), ለበዳታት ኣብ ቅልውላው – እተጠቕዑ ቦታታት፥ ኣንስትን ኣዋልድን ከምዘይተረስዓ ምርግጋፅ፡ ኢንስቲትዩት ደቀኣንስትዮ ዓለም ዩኒቨርሲቲ ጆርጅ ዋሽንግተን (George Washington University Global Women's Institute) https://giwps.georgetown.edu/pandemics-in-crisis-affected-settings/፣ IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝግበር ሓለዋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን (PSEA) - ቅጺ 1.0፣ https://interagencystandingcommittee.org/other/interim-technical-note-protection-sexual-exploitation-and-abuse-psea-during-covid-19-response

[2] Kapur, N. (2020) ትንተናታት ጾታ፥ ኣብ ደሞክራስያዊት ረፑብሊክ ኮንጎ ንዝርከብ ክፍሊ ገምጋብ (EVD) ዝውሃብ ምክልኻልን ግብረ-መልስን።

[3] ነዚ የጠቓልል፥ ምስ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን ዝተኣሳሰር ብIASC እተዳለወ ሽዱሽተ ቀንዲ መትከላት፡ ብIASC እተዳለወ ንምክልኻል ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን ዝምልከት ዝተሓተተ መለክዒታት ስራሕ፡ ቀንዲ ሰብኣዊ መለክዒ ብቕዓትን ተሓታትነትን ከምኡውን ኣብ ልምዓታዊ ምትሕግጋዝን ሰብኣዊ ሓገዛትን ንዝፍፀም ጾታዊ ዓመፅ፡ ምዝመዛን መጥቃዕትን ኣመልኪቱ ብኮሚቴ ልምዓታዊ ሓገዝ (DAC) ዝውሃብ ለበዋታት

[4] IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝግበር ሓለዋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን (PSEA) - ቅጺ 1.0፡ https://interagencystandingcommittee.org/other/interim-technical-note-protection-sexual-exploitation-and-abuse-psea-during-covid-19-response

[5] IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝውሃብ ሓለዋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን (PSEA) - ሕታም 1.0፡ https://interagencystandingcommittee.org/other/interim-technical-note-protection-sexual-exploitation-and-abuse-psea-during-covid-19-response

[6] Fraser, E. (2020) ፅልዋ ለበዳ ኮቪድ-19 ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዋልድን ዝፍፀም ዓመፅ፡ ፀብፃብ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ጠረጴዛ-ሓገዝ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድን (VAWG) ቍፅሪ 284። ሎንደን፡ ዩናትይድ ኪንግዶም፥ ጠረጴዛ-ሓገዝ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድን http://www.sddirect.org.uk/media/1881/vawg-helpdesk-284-covid-19-and-vawg.pdf

[7] መወከሲ፥ ብድሆ ትምህርቲ ኣዋልድ (2020) ሓለዋ-ድሕነት፡ ሓለዋን ንፕሮጀክትታት ዝኸውን መምርሒ ፅሑፍ ኮቪድ-19ን – 2ይ ሕታም፡ https://dfid-gec-api.s3.amazonaws.com/production/assets/34/Safeguarding_and_COVID-19_Partner_Guidance_April_2020.pdf

[8] IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝግበር ሓለዋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን (PSEA) - ሕታም 1.0፣ https://interagencystandingcommittee.org/other/interim-technical-note-protection-sexual-exploitation-and-abuse-psea-during-covid-19-response; ኪዳን ሓለዋ ቆልዑ ኣብ ሰብኣዊ ግብረ-መልሲ (2020) ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ለበዳ ቫይረስ ኮሮና ዝግበር ሓለዋ ቆልዑ – ሕታም 1.0፡ https://www.unicef.org/media/65991/file/Technical%20note:%20Protection%20of%20children%20during%20the%20coronavirus%20disease%202019%20(COVID-19)%20pandemic.pdf

[9] ፓላድዩም (2019) ኣብ ስንክልና ኣመልኪቱ ብDFID ኣብ ዝስራሕ ስራሕ ንእተገብረ ኣህጉራዊ መርመራ ልምዓታዊ ኮሚቴ እተዋህበ ግብረ-መልሲ፡ http://data.parliament.uk/writtenevidence/committeeevidence.svc/evidencedocument/international-development-committee/dfids-work-on-disability/written/96834.html፡ DFID (2018) ኣብ ኣህጉራዊ ፅላት ረድኤት ዝፍፀም ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን ጾታዊ መጥቃዕትን፥ ድምጺ ግዳያትን ጥቑዓትን፥ ብDFID ካብ እተመርሐ ጉዳያት ዝስምዓሉ ግዜ እተረኽበ ቀንዲ ርኽበታት፡ https://assets.publishing.service.gov.uk/government/uploads/system/uploads/attachment_data/file/749741/Listening-Exercise1.pdf

[10] Schauerhammer, V (2018) ንኣገባባት ጥርዓን ጾታዊ ዓመፅ፡ ምዝመዛን መጥቃዕትን፡ ኣብ ፅላት ረድኤት ኣብ ዝግበር ፀብፃብን ዝውሃብ ረድኤትን ንዘጋጥም ዕንቅፋታት ዝምልከት ብጠረጴዛ-ሓገዝ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድን እተዋህበ ፀብፃብ መፅናዕታዊ ፅሑፍ ቍፅሪ 207። ሎንደን። ዩናይትድ ኪንግዶም፥ ጠረጴዛ-ሓገዝ ዓመፅ ኣንስትን ኣዋልድን https://assets.publishing.service.gov.uk/media/5c59799fed915d045f3778a4/VAWG_Helpdesk_Report_207_Reporting_mechanisms_SEAH.pdf

[11] ኣህጉራዊ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል (ICRC) (2020) ኮቪድ-19፡ ንኹሉ ዝሓቝፍ ፕሮግራማት – ንድሌታት'ቶም እተገለሉን ኣብ ሓደጋ ዝርከቡን ሰባት ንምፍታሕ ዝውሃብ ሓገዝን ሓለዋን፣ ኣህጉራዊ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል፡ https://reliefweb.int/report/world/covid-19-inclusive-programming-ensuring-assistance-and-protection-addresses-needs

[12] Yaker, R. (2020) ድሕነትን ጥዕናን ናይተን ኣብ ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ኣብ ግንባር-ቀደም ኮይነን ዝሰርሓ ደቀኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ክንክን ጥዕና ምሕላው፣ ጠረጴዛ-ሓገዝ ፅፍሒ ሓላፍነት (AoR) ጾታ-ዘረቱ ዓመፅ፥ http://www.sddirect.org.uk/media/1896/202003-securing-safety-and-wellbeing-of-women-frontline-healthcare-workers-covid-19_final_version.pdf

[13] IASC (2020) ግዝያዊ ተክኒካዊ ፅሑፍ፥ ኣብ እዋን ግብረ-መልሲ ኮቪድ-19 ዝግበር ሓለዋ ጾታዊ ምዝመዛን ዓመፅን (PSEA) - ቅጺ 1.0፡ https://interagencystandingcommittee.org/other/interim-technical-note-protection-sexual-exploitation-and-abuse-psea-during-covid-19-response

[14] እዚ ድማ ብግብሪ ኣብ ባይታ ንዝሰርሓ ዘለዋ ንኡስ-ጉጅለታት ጾታ-ዝሰረቱ ዓመፅ ወይ ሓለዋ ቆልዑ ወይ ድማ ኣብ ካልእ ኩነታት ምስ ዘሎ ጾታ-ዝሰረቱ ዓመፅን ሓለዋ ቆልዑን ንዝተኣሳሰር ዝኾነ ካልእ ተመሳሳሊ ኣገባባት ምውህሃድ ከጠቓልል ይኽእል እዩ።ከ